## ኢሳይያስ 55

6 ንእግዚኣብሄር በቲ ዚርከበሉ ጊዜ ድለይዎ፡ ቀረባ ኸሎውን ጸውዕዎ።
7 ረሲእ መገዱ፡ ዓመጸኛ ኸኣ ሓሳቡ ይሕደግ፡ ናብ እግዚኣብሄር ይመለስ፡ንሱ ኸኣ ኪምሕሮ እዩ፡ ኣዝዩ
ይቕረ ይብል እዩ እሞ፡ ናብ ኣምላኽናውን ይመለስ።
8 ሓሳባተይ ሓሳባትኩም ኣይኰነን፡ መገድታትኩም ከኣ መገድታተይ ኣይኰነን፡ ይብል
እግዚኣብሄር።
9 ከምቲ ሰማይ ካብ ምድሪ ልዕል ዚብል፡ መገድታተይ ካብ መገድታትኩም፡ ሓሳባተይ ከኣ ካብ
ሓሳባትኩም ልዕል ዝበለ እዩ።
10 ዝናምን ውርጭን ካብ ሰማይ ከም ዚወርድ እሞ ንምድሪ ኸይስተዮ፡ ከም ዜፍርን ከም ዜብቍልን
ከኣ ከይገበሮ፡ ዘርኢ ንዘራኢ፡ ምግቢ ንተቐላቢ ድማ ከይሀቦ፡ ንድሕሪት ከም ዘይምለስ፡
11 እቲ ኻብ ኣፈይ ዚወጽእ ቃለይ ከኣ ከምኡ ኪኸውን እዩ፡ ነቲ ኣነ ዝደለኽዎ ኼስልጥ፡ ኣብቲ ኣነ ዝልእኾ
ኬቕንዕ እዩ እምበር፡ ብኸንቱ ናባይ ኣይኪምለስን እዩ።

## 1ይ ቆሮንቶስ 1

18-19 ጥበብ ጠቢባን ከጥፍእ እየ፡ ምስትውዓል እቶም ኣስተውዓልቲውን ከፍርስ እየ፡ ዚብል ጽሑፍ
እዩ እሞ፡ ቃል መስቀል ነቶም ዚጠፍኡ ዕሽነት እዩ፡ ንዓና ንንድሕን ግና ሓይሊ ኣምላኽ እዩ።
20 ጥበበኛ ኣበይ ኣሎ፧ ምሁር ጽሑፋትሲ ኣበይ ኣሎ፧ መርማሪ እዛ ዓለም እዚኣኸ ኣበይ ኣሎ፧
ኣምላኽ ንጥበብ እዛ ዓለም እዚኣዶ ዕሽነት ኣይገበሮን እዩ፧
21 ስለዚ ዓለም ብጥበባ ንኣምላኽ ብጥበብ ኣምላኽ ገይራ ኻብ ዘይፈለጠቶ፡ ኣምላኽ ነቶም
ዚኣምኑ ብናይ ስብከት ዕሽነት ገይሩ ኼድሕኖም ፈቐደ።
22 ኣይሁድ ምልክታት ይልምኑ፡ ጽርኣውያን ድማ ጥበብ ይደልዩ፡
23 ንሕና ግና ነቲ ንኣይሁድን መዓንቀፊ፡ ነህዛብን ዕሽነት ዝኾነ እተሰቕለ ክርስቶስ ንሰብኽ ኣሎና።
24 ንሱ ነቶም ጽዉዓት፡ ንኣይሁድ ኰነ፡ ንጽርኣውያን ኰነ፡ ክርስቶስ፡ እቲ ሓይሊ ኣምላኽን ጥበብ
ኣምላኽን እዩ።
25 ካብ ሰብሲ ዕሽነት ኣምላኽ ይጠብብ፡ ካብ ሰብ ከኣ ድኻም ኣምላኽ ይብርትዕ።

## ማርቆስ 4

1 ከም ብሓድሽ ድማ ኣብ ገምገም ባሕሪ ኺምህር ጀመረ። ኣብቲ ባሕሪ ናብ ጃልባ ኣትዩ ኽሳዕ
ዚቕመጥ፡ ብዙሕ ህዝቢ ናብኡ ተኣከበ። ኵሉ እቲ ህዝቢ ኸኣ ኣብ ጥቓ ባሕሪ ኣብ ምድሪ ነበረ።
2 ብብዙሕ ምስላታት ድማ መሃሮም፡ በቲ ምህሮኡ ኸኣ በሎም፡
3 ስምዑ፡ እንሆ፡ ዘራኢ ኪዘርእ ወፈረ።
4 ኰነ ኸኣ፡ ኪዘርእ ከሎ፡ ገለ ኣብ ጥቓ መገዲ ወደቐ፡ ኣዕዋፍ መጺኤን ድማ በልዓኦ።
5 ገሊኡ ኸኣ ብዙሕ ሓመድ ኣብ ዜብሉ ኸውሒ ወደቐ፡ ዓሚቝ ሓመድ ዜብሉ ስለ ዝኾነ ድማ
ቀልጢፉ በቘለ።
6 ጸሓይ ምስ በረቐት ግና፡ ሃጒጒ፡ ሱር ስለ ዜብሉውን ነቐጸ።
7 ገሊኡ ኸኣ ኣብ እሾኽ ወደቐ፡ እቲ እሾኽ ከኣ ዓብዩ ሐነቖ ፍረውን ኣይፈረየን።
8 ገሊኡ ድማ ኣብ ጽቡቕ ምድሪ ወደቐ፡ ዚበቍልን ዚዓብን ፍረ ኸኣ ሃበ፡ ገሊኡ ሰላሳ፡ ገሊኡ ስሳ፡ ገሊኡ
ኸኣ ሚእቲ ፈረየ።
9 ንምስማዕ እዝኒ ዘላቶ ይስማዕ፡ በለ።

10 ንበይኑ ምስ ኰነ፡ እቶም ከቢቦምዎ ዘለዉ ምስቶም ዓሰርተው ክልተ ኹይኖም፡ ብዛዕባ እቲ ምስላ
ሐተትዎ።
11 ንሱ ኸኣ በሎም፡ ምፍላጥ ምስጢር መንግስቲ ኣምላኽ ንኣኻትኩም እዩ እተዋህበ፡ ነቶም ብወጻኢ
ዘለዉ ግና፡
12 እናረኣዩ ኺርእዩ እሞ ከይስወጡም፡ እናሰምዑ ኺሰምዑ እሞ ከየስተውዕሉ፡ ከይምለሱ ይቕረውን
ምእንቲ ኸይብለሎምሲ፡ ኵሉ ብምስላ እዩ ዚኸውን።
13 በሎም ድማ፡ ነዚ ምስላ እዝዶ ኣይፈለጥኩምዎን፧ ከመይ ጌርኩም ደኣ ንዅሉ ምስላታት
ከተስተውዕልዎ ኢኹም፧
14 እቲ ዘራኢ ነቲ ቓል ይዘርኦ።
15 እቶም ቃል ኣብ እተዘርኦ ጥቓ መገዲ ዘለዉ እዚኣቶም እዮም፡ ምስ ሰምዑ፡ ብኡብኡ ሰይጣን
መጺኡ ነቲ ኣብ ልቦም እተዘርኤ ቓል ይወስዶ።
16 ከምኡ ኸኣ እቶም ኣብ ከውሒ እተዘሩርኡ እዚኣቶም እዮም፡ ነቲ ቓል ምስ ሰምዕዎ፡ ብኡብኡ
ብሓጐስ ይቕበልዎ።
17 ንሽዑ እዮም እምበር፡ ሱር የብሎምን፡ ደሓር ስለቲ ቓል መከራ ወይስ ስደት ምስ ኰነ፡ ቀልጢፎም
ይዕንቀፉ።
18 እቶም ኣብ እሾኽ እተዘርኡ ድማ እዚኣቶም እዮም፡ ነቲ ቓል ዚሰምዕዎ፡
19 ሓልዮት እዛ ዓለም እዚኣን ምዕሻው ሃብትን ካልእ ትምኒትን ኣትዩ ኸኣ፡ ነቲ ቓል ይሐንቆ፡ ፍረ
ዜብሉ ድማ ይኸውን።
20 እቶም ኣብ ጽቡቕ ምድሪ እተዘርኡ ኸኣ እዚኣቶም እዮም፡ ነቲ ቓል ዚሰምዕዎ ዚቕበልዎን ፍረ ኸኣ
ዚፈርዩ፡ ገሊኡ ሰላሳ፡ ገሊኡ ስሳ ገሊኡውን ሚእቲ።